# ብኽያት



ብኽያት  ናይ ሓደ ቆልዓ ኣገባብ መግለጺን  ዝርርብ እዩ ። ምሉእ ጥዕና ዘለዎ ቆልዓ ንመዓልቲ ካብ 2 ክሳብ 3 ሰዓት ክበኪ ይክእል እዩ ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ኣጋምሸትን ለይትን እዩ ።

በብንእሽተይ ፡ እቲ ብኽያቱ ቁሩብ እንዳ ተረዳእኩም ይመጽእ ንኣብነት ክጠሚ ከሎ ፡ ክቕንዞ ከሎ ወይ ቀጨውጨው ክብሎ ከሎ ።

ኣብተን ቀዳሞት ኣዋርሕ ፡ ቆልዓ ሕንቃቕን ቀበጥበጥ ኣይፈልጦን እዩ ፡ ብጣዕሚ ንእሽተይ እዩ እዚ ነገር ንክህልዎ ውን ዓቕሚ የብሉን ። ሓደ ሓደ ግዜ ብዘይ ምኽንያት ይበኪ ምእባዱ ክሳብ ንስእን  ምብካይ ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ብሕቘኡ ኣብ ዓራቱ ከተደቕስዎ ትክእሉ ኢኹም ፡ ብቀጻሊ ንበይኑ ትገድፍዎ እንዳ ተመላለስኩም ክሳብ ዝሃድእ ትርእይዎ።

## ንቆልዓ ከብክይዎ ዝክእሉ ምኽንያታት

- ምስ ዝጠሚ
- ምስ ዝደክም
- ምስ ዝቆርር ወይ ሃሩር ምስ ዝኾኖ
- ፓምፐሩ ምስ ዝረስሕ
- ድምጽን ብርሃንን ምስ ዝርብሾ
- ሕማቕ ኣቀማምጣ ምስ ዝህልዎን ቀጨውጨው ክብል ከሎ
- ናይ ምሉእ መዓልቲ ጸቕጢ ዝኣከቦን ክስምዖ ዝወዓለን ቅድሚ ምድቃሱ ከውጽኦ ምስ ዝደሊ ሓደ መግለጺ ቅድሚ ምድቃሱ ዝጥቀመሉ ኣገባብ እዩ።
- ከም መብዛሕትኦም ቆልዑ፡ ውሕስነት ክስምዖን፡ ክእበድን፡ ክሕቆፍን ይደሊ እዩ። ብዘይ ዝኮነ ምኽንያት ውን ክበኪ ይኽእል እዩ

## ገለ ገለ ንአሸቱ ሜላታት



- ቅድም ጠምዩ ድዩ ፡ ቆሪሩ ድዩ ፡ ፓምፐምሩ ድዩ ረሲሑ ምርግጋጽ
- ሕቅፎ ወለዱ ብጣዕሚ ውሑስን፡ ብሓፈሻ የህድኦ እዩ
- ምርራው
- ዘወር ምባል
- ሕሹክሹክ እንዳበልካ ሃዲእካ ምዝራብ
- ነብሱ ክፈታሕ ምእንቲ ኣብ ማይ ምእላክ[ምሕጻብ]
- ምድራዝ ፡ ብፍላይ ኣብ ከብዱ ጋዝ ምስ ዝገብረሉ
- ጡብ ምሃብ ይእብዶ እዩ ፡ ቾቾቶ እንተ ኣለዎ ምሃብ

ብኽያት ናይ ቆልዓካ ንክትሰምዖ ንስምዒትካ ክኸብዶ ይኽእል እዩ ግን በብንእሽተይ ድሌቱ ክትርድእዎ ትጀምሩ

እቲ ብኽያት ንሂወት ናይታ ስድራ ቤት ክርብሽ ይኽእል እዩ ። ምስቶም ናይ ቆልዑ ሰብሞያ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም

**አገዳሲ**

ብኽያቱ ምጽዋር ምስ እትስእኑ ፡

- ዘይምውጫጨን ክትንውንውዎ ውን የብልኩምን እዚ ተግባር ንሂወት ናይቲ ቆልዓ ሓደገኛ እዩ።
- ነቲ ቆልዓ አጣጢሕኩም አብ ዓራቱ ምድቃስ
- ካብቲ መደቀሲኡ ምውጻ
- ንእትአምንዎም ሰባት ምጽዋዕ [ ስድራ ቤት፡ ጎረቤት፡ መሓዙት]

**አገዳሲ**

ብኽያት ናይ ቆልዓኹም ካብ መጠን ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ወይ ከምቲ ልሙድ ዘይኮነ ብኽያቱ ምስ ዝኸውን

- ነታ መሕረሲት ፡ ናይ ቆልዓ ነርስ ወይ ፔድያትክ ደውሉሎም
- ናብቲ ሰንትራል ናይ ሓካይም በዛ ቁጽሪ 0848 133 133 ምድዋል
- ንቆልዓኩም ናብ ሆስፒታል ምውሳድ





Programme cantonal de promotion de la santé et de prévention primaire enfants (0-4 ans) - parents